# ናይ ዝኽርን ፈነወን ደቂቕ ንስውእ እዮብ ብስራት፤






ብዕለት 3 ጥሪ 2010 ንሓያሎ ሰዓታት ዝወሰደ፡ ናይ ዝኽርን ፈነወን ኣብ ከተማ ካስልን ከባቢኡን ዝርከቡ ኣባላት ግ.ሃ.ድ.ኤን፣ ኣባልት መሓዙት ተቀወምቲ ውድባትን፤ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ፍራንክፈርትን ከበቢኡን ዝርከቡ ኣባላት
ግ.ሃ.ድ.ኤ ፣ኣባላት መሓዙት ተቃወምቲ ውደባትን፤ ናይ ፍትሕን ዲሞክርሳዊ ቃልሰን ደገፍትን፤ ብሓባር ሸምዓ ብምብራህ ፡ ናይ ስውእ እዮብ ብስራት ሓጺር ታሪክ ሂወቱ ተነቡቡ ፡ ንዝኽሪ ሰማእታት እትዝመር መዝሙር ፣

“ ኣብ ቀላይ ኣብ ሜዳ ኣብ ጎቦ ኣብ ሩባ
ዝፈሰሰ ደምኩም ኣብቂሉ ዕንባባ.... ብምዝማር

ኣብ ከተማታት ኡሉምን እሽቱትጋርትን ዝነብሩ ኣባላት ውድብ ግ.ሃ.ድ.ኤን፣ ተቃወምቲ ውድባትን፤ናይ ሓዘን መግለጺ ተዋህበ ።

ኣብ ቦታ ሓዘን ዝነበሩ ተካፈልቲ መሪር ሓዘን ስውእ እዮብ ስሚዕታቶም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣባላት ግ.ሃ.ድ.ኤ፣ ኣባላት ተቃወምቲ ውድባትን፡ ፈትውትን፣ ኣዕሩክን፣ፈልጥትን ንስውእ ተጋዳላይ እዮብ ብስራት ተፋኒዮሞ ።

ክፍሊ ዜና ግ.ሃ.ድ.ኤ ጨንፈር ጀርመን

4 ጥሪ 2010